# ውሳኔ ምሕንጻጽ ዶብ ዝምልከት (6ይ ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ብዛዕባ ሸርሒ ኣሜርካ ኣብ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ብዛዕባ መግለጺ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ብዝምልከት ክጽሕፍ ምኽንየይ ኣተንብሄ ኔረ። ብቐደም ተኸተል ብኽምዚ ዝሰዕብ የቕርቦ።

## ሸርሒ ኣሜርካ ኣብ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን

እዚ ኣርእስቲ'ዚ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። ኮይኑ ግን ኩላ ሻዕ ምዝኽኻር ከድሊ ኢዩ። ኣብ ኣርብዓታት፤ ኣጼ ሃይለስላሴ ኣብ ሃገሩ ንግስነቱ ኣብ ዘጣጥሓሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ኣማዕድዩ ዝጠመቶ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ጂቡትን ሶማልን ኢዩ ኔሩ። ኣብ መወዳእታ ሰላሳታት ከኣ ኣሜርካ ምስ ምውዳቕ ሓይልታት ጀርመንን ጣልያንን ንቐይሕ ባሕርን ሃገራት ዓረብን ንምቁጽጻር ዘማዕደወታ ንኤርትራ ኢዩ ኔሩ። ነዚ ብዝምልከት (Ethiopia at bay) ዝተባህለ መጽሓፍ ብጆን ስፔንሰር ተመልከት። ጆን ስፔንሰር ንነውሒ ዓመታት ኣማኻሪ ኣጼ ሃይለስላሴ ዝነበረ ልኡኽ ኣሜርካ ኢዩ። ዓላማታት ኣሜርካ ሸትኡ መታን ክወቅዕ ንሃጼ ሃይለስላሴ ኣብ ክንዲ ጂቡትን ሶማልን ኤርትራ ትሕሸካ ኢሉ ኣብ ሓዊ ዝጠበሰ ሰብ ኢዩ። እምብኣር ሸርሒ ኣሜርካ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጸንሔ ጉዳይ ኮይኑ ዓላምኡ ከኣ ስትራተጂካዊ ረብሓታት ኣሜርካ ዘሐሉ ኢዩ። ኢትዮጵያውያን ዘይነቕሕሉ ነገር እንተሎ ኣሜርካ ንስትራተጂካዊ ረብሓታት ክትብል ብሰላምን ምዕባሌን ኢትዮጵያ ከም ትጻወት ክሳብ ሕጂ ኣይተገንዘቡን ዘለዉ። ንኣብነት ኣብዚ ቐረባ ዓመታት ኡኳ ዶክተር ሸን ከምኡ'ውን ፓዎል ሄንዚ ከጋግይዎም ከለዉ ኣየስተውዓሉሉን።

ኣሜርካ እንታይ ኮይና ኢያ ንኤርትራውያን ምስ ኢትዮጵያ ከየተሓሓዘት ስትራተጂካዊ ረብሓታታ ክተማዕዱው ዘይከኣለት? ኣብ ብዙሕ ጽሑፋት ከምንርእዮ ንኤርትራውያን ከም ተገናገጽቲ ዓረብን ናይ እስልምና ሃይማኖት ተኸተልትን ጌሮም ስለዝወሰድዎ ኢዩ። ብኣንጻሩ ከኣ ንኢትዮጵያ ከም ክርስትያን ሃገርን ተደናጋጽት እስራኤልን ጌሮም ስለዝወሰዱዋ ኢዩ። ብፍላይ ኣብ ምጅማር ብረታዊ ቃልሰና ምስ ሃገራት ዓረብ ዝነበሮ ምትእስሳር ኣብ ግምት ብምእታው ንኣረኣእያ ምዕራባውያን ብኣሉታዊ ሸነኹ ጸልይዎ ኢዩ። ኣብዚ ግን ክፍለጥ ዘለዎ ኣብ ኤርትራ እቲ ኤርትራውነት ዝብል ኣምር ልዕሊ ክርስትናን እስልምናን ሃይማኖታት ምኻኑ ንምዕራባውያን ናይ ምርዳእ ሓላፍነት ናትና ናይ ኤርትራውያን ኢዩ። ሓደ ኤርትራዊ ክርስትያን ካብ ኢትዮጵያዊ ክርስትያንን ኣስላማይ ኤርትራዊን ምርጭኡ ንሓንቲ ክልእት ኡኳ ብዘየማትእ ንኤርትራዊ ኣስላም ኢዩ ዝመርጽ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ንሓደ ኣስላማይ ኤርትራዊ ካብ ኣስላማይ ሱዳናዊን ክርስትያን ኤርትራዊ  ምርጭኡ ንሓንቲ ክልእት ኡኳ ብዘየማትእ ንኤርትራዊ ክርስትያን ኢዩ። ነዚ ብዝምልከት ኣብ ናይ ኣቶ ኣልምሰገድ ተስፋይ፤ ኣይንፋላለ ትብል መጽሓፍ ተመልከት። እዚ ዘርእየና ኤርትራዊ መንነት ልዕሊ ሃይማኖታት ከምዝኾነ ኢዩ። እዚ ከኣ ኢዩ ምስጢር ዓወት ኤርትራውያን። ምዕራባውያን ብሓፈሻ ኣሜርካ ከኣ ብፍላይ ነዚ ሓቂ'ዚ ክፈልጥዎ ብተደጋጋሚ ክነብርሃሎም ይግባእ። ዝኾነ ስትራተጂካዊ ረብሓታት ምስ ስትራተጂካዊ ረብሓታት ኤርትራውነት ዝብል ኣምር ድኣሉ ክተኣሳሰር ዘለዎ እምበር ምስ ሃይማኖት ክዛመድ የብሉን። ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንኤርትራ

ብመነጸር ሃይማኖታዊ ዝምድናታት ምስ ኢትዮጵያ ክትወዳደር የብላን። ንኤርትራ ብመሰረት ስትራተጂካዊ ኣጠማምታ ማለት ብኤርትራዊ መንነታ ጥራሕ ምስ ኢትዮጵያ ክትወዳደር ይግባእ። እዚ ማለት ከኣ ኣሜርካ ንኤርትራ ምስ ሓንቲ ተኣማንትን ክርስትያን ዝኾነት ሃገር ኢትዮጵያ ናይ ግድን ምትእስሳር ብምግባር ስትራተጅካዊ ረብሓታታ ጥራሕ ተሐልወሉ መንገዲ ኣይኮነን። እቲ ዝበለጸን ዘተኣማምንን መንገዲ ስትራተጅካዊ ረብሓታታ ኣሜርካ ክሕሎ ዝኽእል ስተራተጂካዊ ረብሓታት ኤርትራ ምስ ዝኽበር ጥራሕ ኢዩ። ኢትዮጵያዊያን'ውን እንተኾኑ ስትራተጅካዊ ረብሓታታ ኣሜርካ ከቐድሙ ክብሉ ምስ ኤርትራ ኣብ ሓዊ ዝጥበስሉ ምኽንታይ የብሎምን። ስለዚ ኣብ ቀርኒ ኣፍርቃ ነባሪ ሰላም እንተድኣ ክመጽእ ኮይኑ ብቐዳምነት ኢትዮጵያዊያን ንስተራተጂካዊ ረብሓታት ኣሜርካ ክብሉ ግዜኦሙን ጉልበቶምን ምስ ኤርትራ ክቆራቖሱ ከጥፍእዎ የብሎምን። ብዓቢኡ ከኣ ኣሜርካ ንኤርትራ ብኤርትራዊነት መንነት እምበር ብሃይማኖት መለክዒ ስትራተጅካዊ ረብሓታቶም ክሕንጽጹ ኣይግባእን። ኣብ መወዳእታ ከኣ ሓላፍነት ኤርትራዊያን ናይ ምርዳእን ጎስጓስ ምክያድን ኣብ ጸፍሒታት ዲፕሎማሲ ጽዑቕ ክኸውን ይግባእ።

እምብኣር እዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ መሰረት ሓሳብ ምርኩስ ብምግባር ስለምንታይ ውሳኔ ውጺኢት ምሕንጻጽ ዶብ ንኽትግበር ኣሜርካ ተርኣ ኣይተጻወተትን ክልዓል ዝግብኦ ቕኑዕ ሕቶ ይኸውን። ምኽንያቱ እዚ ናይ ሕጂ ውሳኔ ንኤርትራ ሓድሽ ተመክሮ ስለዘይኮነ። ቅድም ኢሉ ተመክሮ ናይ ሓኒሽ ስለዘሎ። እዚ ናይ ሓኒሽ ጉዳይ ንኤርትራዊያን ናይ ዘበነ እኒ እኒ ታሪኽ ኣይኮነን። ትማል ትማል ኣብ ቀዲሚ ዓይንና ዝኾነ ጉዳይ ኢዩ። ብመጀመሪያ ስለምንታይ ናይ ሓኒሽ ጉዳይ ንረብሓ የመን ኮይኑ ክውሰን በቒዑ ውልቃዊ ኣርኣእያ ኣሎኒ። ብኸምዚ ዝሰዕብ ክገልጾ ክፍትን ኢየ።

ኤርትራ ንደሴታት ሓኒሽ ይግብኣኒ ኢዩ ኢላ ክትምጉት ቅንዕና ኔሩዋ ኢዩ። ከምኡ'ውን የመን ይግብኣኒ'ዩ ክትብል መሰላ ኢዩ ኔሩ። እዝኤን ክልቲኤን ሃገራት ግድያት ናይ መግዛ'እታት ኮይነን ኤርትራ ግዝእት ጣልያን ዝነበረትን የመን ከኣ ግዝእት ኢንግሊዝ ዝነበረት ብክልቲኣዊ ስምምዕ ነዝኤን ደሴታት ከይተተንከፋ ጃላ ኮይነን ክተርፋ ስምምዕ ኔሩወን ኢዩ። ፍልይ ዝብለ ኩነታት ግን ንመራኽብ ክሕግዝ ተባሂሉ ብጣልያን ዝተሃንጸ ናይ መብራሕቲ ዓንዲ ነሩ ኢዩ። በዚ ምኽንያት ኤርትራ ነዚ ታርኻዊ ምትእስሳር ኣብ ግምት ብምእትው ይግብኣኒ'ዩ እንተበለት ዘኽፍኣላ ኣይነበረን። ኣብዚ ጉዳይ ግን ናይ የመንን ኤርትራን ጥቕሚ ጥራሕ ዘይኮነስ መራኽብ ዘመላለሳሉ ዓለም ለኻዊ ማያት ካብዝኤን ክልተ ሰብ ነገር ሃገራት ሓራ ዝኾነ ምፍጣር ናይ ኣሜርካን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ስትራትረጂካዊ ረብሓትታ ዘሐሉ መፍትሐ ክፍጠር ግድን ኢዩ ኔሩ። ኮይኑ ኢዩ ከኣ። ኤርትራ ውሳነ ቤት ፍርዲ ዓለም ንምኽባር ኣብ ምድላው ኣብ ዝንበረትሉ ኣዋን ንእንተታት ማለት ምናልባት ኤርትራ እንተሓንገደት ከምዚ ሕጂ ኢትዮጵያ ትገብሮ ዘላ ብሓይሊ ነቲ ውሳኔ ንምትግባር ክልተ ናይ ውግእ መራኽብ፤ ሓንቲ ናይ ኣሜርካ ከምኡ ከኣ ሓንቲ ናይ ፈረንሳ ንሓኒሽ ገጸን ይምርሻ ከምዝነበራ ናይ ኣደባባይ ምስጥር ኢዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ትግደሱ ኣንበብቲ በቲ ግዜ'ቲ ናይ ሓኒሽ ውሳኔ ዝተዋህበሉ እዋን ዝወጽእ ዝነበረ ዚኤኮኖሚክስ ዝተባህለ መጽሔት ኣገናጽልኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ሓዊስ ጽውጽዋይ መረዳእታ ኣሜርካ ናታ ስታራተጂካዊ ረብሓታት ዘሐሉ ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኔሩ እንተዝኸውን ኣብቲ መፈለምታ ነቲ ውሳኔ ከምዝተግበር ምገበረት ኔራ። ግን ምንም ንኣሜርካ ዘገደስ ስትራተጂካዊ ረብሓታት ስለዘየሎ ኣይግደስሉን እዮም። ምናልባት ኣብዚ ሓደ ሓደ እንታይ ኮይኑ እቲ ናይ ሓምሳታት ዝነበረ ስትራተጂካዊ ረብሕታት ናይ ኣሜርካ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ዘተኣሳሰረ ኣበይ ከይዱ ዝብሉ ኣይስኣኑን ይኾኑ። እዚ ናይ ሓምሳታት ስትራተጂካዊ ረብሓ ማለት ምምስርታ ናይ ራዳር ኣብ ቃኘው ግዝኡ ሓልፍዎ ብሳታላይት ኣብ ቃሕ ዝበሎም ይጥቀሙ ኣለዉ። ስለዚ ንኣሜርካ በዚ ሎሚ ግዜ ዘገድሶም ነዳዲ ዘለዎ ቦታ ጥራሕ ኢዩ። ነዳዲ ኣብ ሱዳን ምስተረኽበ እንድዮም ጉዳይ ሱዳን ብስላም ክዓርፍ ድቃስ ስእኖም ዘለው። ምስ ደጃዝማቲ መን ተማኣቲ ከምዝብሃል ምስ ኣሜርካ ተራጽምካ ተመሊሹ ንነብስኻ ኢዩ ዝጎድእ። ዓቕሚ እንተተረኽቡ ኣብ ኣሜርካ ሎቢ ዝግበር ሓያል መስርሕ ናይ ኤርትራዊያን ከድሊ ኢዩ። ኤርትራዊያን ሊቃዊንቲ ኣብ ኣሜርካ ዘለዉ ሓጎጽጎጽ ፓለቲካ ክምዘሎ ኮይኑ ንእሽቶ ጻዕሪ ኣብ ልዕልኡ ማለት ኢዩ ንሰብ ስልጣን ኣሜርካ ጉዳይ ኤርትራ ንምርዳእ ብውልቅን ብጉጅለን ብተገዳስነት ክንቀሳቐሱ ይግባእ። እንድሕሪ ኣሜርካ ብስትራተጂካዊ ረብሕታት ጥራሕ ኮይኖም ዝሰርሑ እንታይ ክንቅርበሎም ንኽእል ዝብል ሕቶ ክልዓል ቅኑዕ ኢዩ። እንተኾነ እቲ ጎስጓስ ኣብ ውልቀሰባት ዘቕንዔ ኮይኑ ብሰብኣዊ ርህራሄ ክርእይዎ እሞ ሕዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሰላም ረኺቡ እፎይ ኢዩ ብዛዕባ ዕለታዊ መኖባብርኡ ክሓስብ ዕድል ክወሃቦ ብማለት ኢዩ።

## ወጻኢ ጉዳይ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብዝምልከት

ንግዝኡ ኣበሃህላ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ኤርትራ ብዝምልከት ኣብ ሰለስተ ክፍላት መቕልና ክንርእዮ ንኽእል።

1ይ፥ 85% ነቲ ውሳኔ ተቐብልናዮ ኣሎና፣ ዘይተቐበልናዮ 15% ስለዝኾነ ነዚ ዝርርብ ከድሊ ኢዩ።
2ይ፥ ወጻኢ ፖሊስና ብዛዕባ ኤርትራ ብዝምልከት ነቲ ውሳኔ ብምልኡ ተቐብልካ ምስ ኤርትራ ዝምድና ንምምስራት ኢዩ።
3ይ፥ ውሳኔ ምሕንጻጽ ዶብ ንምትግባር ግዴታ ዝብሃል ኣብ ውዕል ኢትዮጵያን ኤርትራን የልቦን ዝብል ኮይኑ ትንታኔኡ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን።

**1ይ፥ 85% ነቲ ውሳኔ ተቐብልናዮ ኣሎና፤ ዘይተቐበልናዮ 15% ስለዝኾነ ነዚ ዝርርብ ከድሊ ኢዩ።**

እዚ ኣበሃህላ'ዚ ጠቕላሊ ሚኒስተራት ኢትዮጵያ ኣቶ መለስ ዜናዊ ደጋጊሙ ዝዛረቦ ዘሎ ኢዩ። ነዚ ኣበሃህላ'ዚ ክሰምዕ ከለኹ ዝዝከረኒ ቀደም ኢሉ ዝሰማዕኽዎ ዋዛ ኢዩ። ሓደ ግዜ ሓደ ሰብኣይ ኣብ ቤት መግቢ ኣትዩ በሊዑ ምስ ጸገበ ሒሳብ መታን ከይከፍል ዕንቅርያብ ካብ ጅቡኡ ኣዊጺኡ ኣብቲ ዝተረፈ መግቢ ብምሕዋስ ዕ ንቅርያብ ዘለዎ መግቢ ሸጥኩምለይ ኢሉ ተስልብጥዎም። ድሕሪ ልዝብ ምግባር ከኣ ከየከፈለ ከምዝኸይድ ተጌሩ ይብሃል። ኣቶ መለስ ዜናዊ ዝበለሓቶ ዘሎ ጉርሒ ዓ ላምኡ ዝተፈላለየ ኢዩ። በቲ ሓደ ሸነኽ ባድመ ናይ ኤርትራ ኢያ ስለዝተባህለ ብዓ ብኡ ሕፍረት ኣሎ። በቲ ኻልእ ሸነኽ ግን ናይ ነውሕ መደብ ዝዕለመ ኢዩ። ድሕሪ ምህንጻጽ ዶብ ነቲ ውግእ መን ጀምርዎ ዝብል ሕቶ ክልዓል ስለዝኾነ ነዚ ባይታ

ንምጥጣሕ ኢዩ። ምኽንያቱ ከምዝፍለጥ ባድመን ከባቢኣን ናይ ኢትዮጵያ ኢዩ ብዝብል ሰበብ ኣብቲ ግዜ'ቲ ምጥራር ዝብሃል ኣምር ከምዝነበረ ናይ ቀረባ ተዘክሮና ኢዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኤርትራ ዝበለት ድኣ ዘይልዝብ ኢዩ ኔሩ። ነዚ ኡኮ እኹል መርትዖታት ኣሎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ልዝብ ኣይደልየናን እሎም ንመኮንናትን ተራ ወተሃደራትን ኤርትራ ንኽላዘብዎም ዝኸዱ ተኹሲ ኸፍቶም ዝቐተልዎምን ዘቑሰሉዎምን ኢትዮጵያዊያን'ዶ ኣይኮኑን። ውግእ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተጀመረ'ኮ ብስነኪ'ዚ ጠንቂ ኢዩ። ካልእ እንታይ ጠንቂ'ዶ ኔሩ ኢዩ። ሕጂ ባድመ ናይ ኤርትራ ምዃና ምስ ተረጋገጸ ሐቅነት ናይቲ መበገሲ ውግእ ጠንቂ ኢትዮጵያ ከምዝነበረት ዝሕብር ኢዩ። ኣብዚ ኸንጥንቀቐ ዘሎና ግን እቲ ውሳኔ መን'ዩ ኣበጊስዎ ንዝብል ነቲ ቤት ፍርዲ ንግድፈሉ።

ንሕደ ናይ መጨረሻን ቀያድን ውሳኔ ሓደ ሰብ 85% ተቐቢለዮ እቲ ዝተረፈ 15% ክወሓጠለይ ኣየከኣለን ክብል ከሎ እቲ ሰብ ኣእምሮኡ ስሕቱ ከም ዘሎ ኢዩ ዘርእየካ። ንዝቐረበሉ መኣዲ 85% ምስ በልዔ ነቲኣ ዝተረፈት 15% መርዚ ከይህልዋ ስለዝጠርጠርኩዋ ገዲፈያ ንዝብለካ እንታይ ትብሎ። ጸግብካ እምበር ንሕፍካ'ዶ ትብሎ። እቲ ዝሓይሽ ኣይተ መለሰ ዘይናቱ ሂቡ ናቱ ከኣ ሽፋ ይግበረልይ ኢሉ ኣብ ልዝብ ኣትዩ ብድሕሪኡ ስጋይ ስጋካ እንዳተባህለ ነቲ የሕዋት ዝኾነ ሕዝቢ ኤርትራን ሕዝቢ ትግራይን ሰላምን ቅሳነትን ዝህብ ከምኡ ከኣ ምልኡ ዓቕሞም ነቲ ሓባራዊ ዝኾነ ጸላኢ ሕማማት፣ ድንቁርናን፣ ጥሜት ዝኣመሳሰሉ ብምትሕብባርን ብምርድዳእን ከምዝውገድ ክገብር ምተኻእለ። ኮይኑ ግን ከምዚ ሓደ ዝበሎ ኣብቲ ኩርሲ ናይ ሃጼ ሃይለሳሌ እቲኣ ንኡሽተይ ከልቢ ሃጼ ሃይለስላሴ ዝነበረት ሽይናትላ እንዲያ ኣብኣ ኮፍ ዝበል ክንደየናይ ከይጥዒ።

2ይ፣ ወጻኢ ፖሊሲና ብዛዕባ ኤርትራ ብዝምልከት ነቲ ውሳኔ ብምልኡ ተቐቢልካ ምስ ኤርትራ ዝምድና ንምምስራት ኢዩ።

እዚ ኣብሃህላ'ዚ ወረጃታት ዝብልዎ ልክዕ ከም መዓር ወለላ ኢዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ "ቂጭ ይበሉ" ዝብሃል ናይ ሰረቐቲ ሜላ ኣሎ። እዚ ከኣ ከምዚ ዝድግፉኻ እንዳመሰሉ "ኣባቴ ቂጭ ይበሉ፣ ቂጭ ይበሉ" እንዳበሉ ኣብዚ ኣፍልብኻን ሕቖኻን ሕዞም ኮፍ ኣንዳበሉ ሃሰስ እሎም ኣብ ጁባኻ ዝረኸብዎ መንዝዮም ይምርቀፉ።

ኣብዚ ቐረባ እዋን ዝወጸ መግለጺ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ወጻኢ ጉዳያት ፖሊሲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብዝምልከት ከምዝበሎ ነቲ ውሳኔ ምሕንጻጽ ዶብ ብምልኡ ተቐቢልካ ዝምድና ምስ ኤርትራ ምምስራት። ኢትዮጵያ ትደልዮ ናይ ወደብ ኣጠቓቕማ ብኽልቲኣዊ ስምምዕ ከምቲ ቅዲሚ ሕጂ ብዝነበረ ኣገባብ ዘይኮነስ ዓለም ለኻዊ ሕግታት ምርኩስ ብምግባር ይኸውን ይብል። ኤርትራ ናይ ጸዓት ምምንጫው ዓቕሚ ስለዘየብላ ካብ ኢትዮጵያ ኽትጥቀም ትኽእል ኢያ ይብል። ኣብ ውሽጢ ጉዳይ ኤርትራ ዘእቱው ምኽንያት የብልናን ዝብል'ውን የጠቓልል ኢዩ። እዚ ኩሉ ኣብሃህላ ኣብ ተግባር እንተዝውዕል ብሓቂ ጥዑይ ዝምድና ተፈጢሩ ኩሉ ዓቕምታት ክልቲኡ ሕዝብታት ኣብ ረብሓ ክልቲኡ ምወዓለ ኔሩ። ግን እቲ ሕቶ እዚስ ብሓቂ ንኽሰርሓሉ ተባሂሉ ድዩ ተሓንጺጹ ወይስ ንዲፕሎማሲያዊ ሃልኪ? እቲ ንኽሰርሓሉ'ዩ ዝብል እስከ ይጽንሓልና። ከመይሲ ብዕራይ ምስ ሓረዲኡ ይውዕል ከም ዝብሃል ከይንግራህ ብማለት ኢየ። ኣብቲ ንዲፕሎማስያዊ ሃልኪ ኢዩ ዝብል ነጥብ ግን ምናልባት ግዜ ንምዕዳግ ኣብልካም ንምሕንጻጽ ዶብ ንምድንጓይ ኣብ መጨረሻም ንተጽዕኖ ዓለም ለኸ ኣዳህልልካ ሓገዛት ንምርካብ ዝዓለመ ክኸውን ይኽእል። ብኽኸውን ይኽእል እልካ ምዝራብ ይምረጽ። ምኽንያቱ እቲ ከባቢ ብመጽናዕቲታዊ ኣሃዛትን መደምደምታታትን ዝድገፍ ስለዘይኮነ ከምኡ ንምግባር'ውን ኩነታት

ስለዘየፍቅድ ካብ ክኸውን ይኽእል ሓልፍካ ካልእ ስነ መጎተ ክቐርብ ኣይክእልን ኢዩ።

እምብኣር ካብ ብዝሒ ሒደቱ ካብቲ ዝተባህለ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ዝምልከት ብዝዕባ ጸዓት ዝተባህለ ግን እቲ ኣዚዩ ዘስደምም ነጥቢ ኮይኑ ንረኽቦ። ሓቂ'ዩ ኤርትራ ጸዓት ብዝምልከት እቲ ብቐሊሉ ማለት ካብ መንጫዕጫዕታታት ኣፍላጋት ዝርከብ የብላን። ካልእ ግን ኣብ ሰላም ግዜ ክተፍርዮም ትኽእል ናይ ጂኦተርምክ ጸዓት፣ ናይ ጸሓይ ጽዓት ከምኡ'ውን ናይ ነፋስ ጽዓት ምስቲ ዘለዋ ናይ ብዝሒ ሕዝባ ኣብ ግምት ብምእታው ጽግዕተኛ ከይኮነት ነብሳ ክተመሓድር ትኽእል ኢያ። ነዚ ነጥቢ'ዚ ውርጽጽ ብዝበለ መንገዲ ክቐርቦ ኢየ። ልክዕ ኢዩ ኢትዮጵያ ከም ጎረቤት ሃገር መጠን ተፈጥሮ ብዝዓደላ ጸጋ መሰረት ጸዓት ኣኺሉ ተሪፉ ንዘፍረየቶ ኤርትራ ከኣ ካብዚ ጸጋ'ዚ እንተተቓሰየት ዝወጸ የብሉን። ይኹን እምበር ኤርትራ ርእሳ ዘይትኽእል ስለዝኾነት ምስ ኢትዮጵያ ክትጽጋዕ ኣለዋ ዝብል ኣምር ግን ንምብርዓኑ ኩሉ ዝክኣል ነገራት ክግበር ኣለዎ ንማለት ኢዩ። ከምዚ ስለዝኾነ ከኣ ኢዩ ኣብ ሕርግጎ ብኽንደይ ጻዕሪ መመንጩዊ ጸዓት ዝተመሰረተ። ኢትዮጵያ ግን ኮነ ኢላ ብፍላይ ማለት ብዝያዳ ነዚ ትካል'ዚ ክተዕኑ ዝሃቀነት ኻልእ ዘይኮነ ኤርትራ ጽግዕተኛ ኢትዮጵያ ንምግባር ዝዓለመ ከምዝነበረ ውዕሉ ምስ ሓደረ ይግለጸልካ።

ወደባት ኤርትራ ልክዕ ከምቲ ተፈጥሮ ንኢትዮጵያ ኣፍላጋት ዝዓደላ ከምኡ ከኣ ንኤርትራ ትዕድሎታ ኢዩ። ብዓለም ለኻዊ ሕግታት ምርኩስ ብምግባር ኢትዮጵያ ክትጥቀመሉ ድልየት ከምዘለዋ ምግላጸ ከኣ ጽቡቕ ኢዩ። ቅድም'ዚ ግን ክንቡርኩት ከይንቡርኩት ኣብ ማይ ዘለዎ እሞ ንብጻሕ ብድሕሪኡ ኻኽልቲኡ ሕዝብታት ዝጠቅም ተላዝብካ ዝፍታሕ ጉዳይ ይኸውን። እዚ ዘባእስ ነጥቢ ኣይኮነን። ኮይኑ ግን ፓርላም ኢትዮጵያ ብዕሊ ዝኣወጀ ውግእ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እንዳሃለወ ዘልልካ ኣብ ከምዚ ዓይነት ህውተታ ምእታዊ እቲ ዝድለ ዘሎ ንዲፕሎማሲያዊ ሃልኪ ምዃኑ ይግለጸልካ። እምበር ተጻብኦ ጠጠው ክብል ካብ ዝፍረም ድኣ ድሮ ሰለስተ ዓመት ሓሊፉ እንዲዩ። ሓቂ እንተዝህልዎም ፓርላማ ኢትዮጵያ ካብ ምእካብ ዓዲ ኣይወዕለን ነቲ ኣውጂናዮ ዝነበርና ውግእ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣልዕልናዮ ኣሎና ዘይብሉ። እቲ ኣዋጅ ኡኮ ከም ዘለዎ ኮፍ ኢሉ ኢዩ ዘሎ። ንምዃኑኸ ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ብዛዕባ'ዚ ዝተጠቕሰ ኣዋጅ ኣፍልጠ ይህልዎዶ ይኸውን። ሓየት ዝኾነ ዕ ዉት ሰብ እንተዝርከብ እሞ እዛ ነጥቢ'ዚኣ ንኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ሕሹኽ ዝብለለይ እንተዝርከብ ኢየ ዝብል።

ኣብ ውሽጢ ጉዳያት ኤርትራ ዘእቱ ምኽንያት የብልናን ዝብል ነጥቢ ግን ከም ጆክ ወስዲካ ክትስሕቐሉን ክትዋዘየሉን ዝክኣል ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ጉዳያት ኤርትራ ዘየእቱ ምኽንያት እንታይ ረብሓ ንኢትዮጵያ ስለዘለዎ ኢዩ ሕጂ ይጽንሓልና ዝብሃል ዘሎ። ምኽንያቱ እንዲሕሪ ረብሓ ንኢትዮጵያ ኣለዎ ኮይኑ ማለት ንኤርትራ ብዘይጎድእ መጠን እቲ ኣድካ ምትእትታው ኣብ ውሽጢ ጉዳያት ኤርትራ ረብሓ ኣይረኸብሉን ማለት ኢዩ። ብኣንጻር'ዚ ግን እድና ከየተኣታተና ባዕላቶም ኤርትራዊያን ንኢትዮጵያ ዘርብሕ ኩነታት ክፈጥሩ እዮም ዝብል ሜላ እንተኾይኑ ግን ምስ ግዜ ዝርኤ ጉዳይ ስለ ዝኾነ ንርኢ እልካ ምዕጻዉ ይምረጽ።

3ይ፣ ውሳኔ ምሕንጻጽ ዶብ ንምትግባር ግዴታ ዝብሃል ኣብ ውዕል ኢትዮጵያን ኤርትራን የልቦን ዝብል።

እዚ ነጥቢ'ዚ ኣቶ ስዩም መስፍን ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ዋዕላ ሕብራት ሃገራት ዘስምዖ መደረ ኢዩ። ብመሰረቱ ሓደ በዓል ስልጣን ኢትዮጵያ ነቲኣ ናይ 3000 ዓመታት

ታሪኽ ኣለዋ ትብሃልን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ይኹን ቅድም ኢሉ ዝነበረ ሊግ ዓለም ለኽ ሃገራት ብምስታፍ ዓቢ ተመክሮ ዘለዋ ሃገር ወኪሉ ክዛረቦ ዝግባእ ኣይኮነን። ነውሪ ኢዩ። ከምዚ ኸማይ ዝመሰለ ነቲኣ ውልቅና ጥራሕ ንውክል ኣብ ዘረባ ይኹን ኣብ ጽሑፍ ጌጋታት ምስ ዝርከብ ውርደት ይኹን ሓላፍነት ናይቲ ጌጋ ብውልቀ ደረጃ ንስከሞ ጉዳይ ስለዝኾነ እቲ ጉዳኣት ኣብ ግምት ዝኣቱ ኣይኮነን። ሃገርን ሕዝብን ወክልካ ዝግበር ግን ጉዳእቱ ኣዚዩ ከብድ ኢዩ። በዚ ምኽንያት ኡኮ ኢዩ ንሓደ በዓል ስልጣን ሊቃውንቲ፣ ለባማት ዓበይቲ ሰባት ከም ኣማኻርቲ ዝቖጸርሉ። በሉ እስከ ኣብ ስምምዕ ኣልጀርስ ተጠቒሱ ዘሎን ከምኡ'ውን ምዕራፍ 7 ቻርተር ሕቡራት ሃገራት እንታይ ከጣቡብ ኢዩ ተቐልሙ ዘሎ። ዶስ ጽሕጋር ደርሆ ኮይኑ። ቅዲሚ ነዚኤን ክልተ ዓንቀጻት ምትንታነይ ዝሓልፈ ጉዳይ ኣልዒለ ኣብነታት ከቕርብ ኢየ።

ኣብ ናይ ሓኒሽ ጉዳይ ኤርትራ ነቲ ውሳኔ ኣይቅበሎን ኢየ እንተተብል ኔራ ክስዕብ ዝኽእል ኩነታት ልዕል ኢሉ ተገሊጹ ኔሩ። ስለዚ ነቲ ውሳኔ ናይ ዓለም ቤት ፍርዲ ኣይቅበልን ዝብል ዝኽተል ሳዕቤናት ኣሎ። ርሑቕ ከይከድና ኣብ ሰርቢያ ይኹን ኣብ ሩውንዳ ቅትለት ንጹሃት ሰባት ፈጽሞም ተባሂሎም ኣብዚ ናይዚ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ዝተዋህቦም ብይን ተቐብሎም መቕጻዕቶም ይፍጽሙ ኣለዉ። ክልተ ዜጋታት ሊብያ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ኣቢሉ ኣብ ሰማይ ዝተፈንጀረት ኣውሮፕላን ፈጽምክሞ ንዝተባህልዎ ገበን ኣብዚ ናይዚ ዓለም ለኽ ቤት ፍርዲ ኢዩ ተበይንዎም። ኣብ ርእሲ'ዚ ከምዚ ተደጋጊሙ ዝግለጽ ዘሎ ኢትዮጵያ ጥራሕ ኢያ ንመጀመሪያ ግዜ ብይን ናይዚ ቤት ፍርዲ'ዚ ትነጽግ ዘላ። እቲ ኾይኑ እቲ ኢትዮጵያ ጓል ኣባልጌ ምዕራባዊያን ስለዝኾነት ቀበጥበጦም ኣሻድንዋ ኢዩ። ምዕራባዊያን ንሕጊ ዓ ምጽጻም ዝገብርዎ ዘለዉ ኣድልዎ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት መስሎም ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኽገብርዎ ንዝህቅንዎ ምስምሳት ሚዛኑ ትሑት ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ምኽንያቱ ጽባሕ ንጉሆ ንኤርትራ ብዝምልከት እዚባ እዚ እንተበሉ እታ ናይ መጀምሪያ ሕቶ ትቐርብ እንታይ ኮንኩም ድኣ ንምትግባር ውሳኔ ምሕንጻጽ ዶብ ጎሰኹሞ ትብል ክትከውን ኢያ። ኢትዮጵያ ብወገና ብዓቢኡ ዓለም ዝፈረዶ መሰል ኤርትራ እንዳገሃሰት ከላ ብዛዕባ ምግሃስ መሰላት ክትዛረብ ኣየምሕረላን ኢዩ። ቀጺሉ እቲ ዓንቀጻት ብምቕራብ ናይ ሎሚ ጽሑፍ ክድምደም ኢዩ። ብመጀመሪያ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተሰማምዔን ኣብ ቅድሚ ዓለም ዝተመሓሓላኦ ዓንቀጽ 6 ንርኤ። ከምዚ ዝስዕብ ከኣ ይብል።

Article 6

1. This agreement shall enter into force on the date of signature.
2. The parties authorize the Secretary General of the OAU to register this agreement with the Secretariat of the United Nations in accordance with article 102(1) of the Charter of the United Nations.

በዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዓንቀጽ መሰረት እቲ ውዕል ኣብ ሕቡራት መንግስታት ተመዝግቡ። ምስ ተመዝገበኸ እንታይ ይስዕብ። ቀጽሉ ዘሎ ዓንቀጽ ንመልከት።

## Article 102

3. Every treaty and every international agreement entered into by any Member of the United Nations after the present Charter comes into force shall as soon as possible be registered with the Secretariat and published by it.
4. No party to any such treaty or international agreement which has not been registered in accordance with the provisions of paragraph 1 of this Article may invoke that treaty or agreement before any organ of the United Nations.

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዓንቀጽ እንታይ የስዕብ? ነዚ ዝቕጽል ምዕራፍ የስዕብ።

## CHAPTER VII

## ACTION WITH RESPECT TO THREATS TO THE PEACE, BREACHES OF THE PEACE, AND ACTS OF AGGRESSION

---

### Article 39

**The Security Council shall determine the existence of any threat to the peace, breach of the peace, or act of aggression and shall make recommendations, or decide what measures shall be taken in accordance with Articles 41 and 42, to maintain or restore international peace and security.**

### Article 40

**In order to prevent an aggravation of the situation, the Security Council may, before making the recommendations or deciding upon the measures provided for in Article 39, call upon the parties concerned to comply with such provisional measures as it deems necessary or desirable. Such provisional measures shall be without prejudice to the rights, claims, or position of the parties concerned. The Security Council shall duly take account of failure to comply with such provisional measures.**

### Article 41

**The Security Council may decide what measures not involving the use of armed force are to be employed to give effect to its decisions, and it may call upon the Members of the United Nations to apply such measures. These may include complete or partial interruption of economic relations and of rail, sea, air, postal, telegraphic, radio, and other means of communication, and the severance of diplomatic relations.**

**Article 42**

**Should the Security Council consider that measures provided for in Article 41 would be inadequate or have proved to be inadequate, it may take such action by air, sea, or land forces as may be necessary to maintain or restore international peace and security. Such action may include demonstrations, blockade, and other operations by air, sea, or land forces of Members of the United Nations.**

ዝኽሪ ንሰማእታትና

ተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ኦስሎ ኖርወይ

mailto:teckle3@hotmail.com

http://www.afronorway.com